ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ናይ ቢሮ ቀወምቲ ንብረት ኤሌክትሮኒክስ (ኮምፒተር ላፕቶብ፣ ጀነሬተር፣ ቢመር፣ ፕሪንተር፣ ህትመት (መፅሄትን ሰርቲፊኬትን) ብጨረታ ንምግዛእን ንምሕታምን ስለዝደለየ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 16, 2016 (ልዕሊ 3 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 29, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 29, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

ኣብቲ ጨረታ ክትሳተፉ እትደልዩ ተጫረቲ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት14/02/2016 ዓ.ም ክሳብ ዕለት 29/2/2016 ዓ.ም ኣብ ዘለዉ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰነድ ጨረታ ካብ ቢሮና ክትወስዱ ትኽእሉ።

1. ተጫረቲ ናይ ዘበኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፡ ናይ መቕረባይነት መታወቂያ፣ ናይ ግብሪ ኸፋሊ (TIN)፡ VAT(ተወሳኽ እሴት ታክስ) ተመዝጋባይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት መረዳእታ ፎቶ ኮፒ ከቕርብ ኣለዎ፤

2. ተጫረቲ ውሕስና መኽበሪ ንሕድ ሕድ ሰነድ ጨረታ 20,000 ብር ብሸም ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ብCPO ቅድሚ ጨረታ ሳንዱቕ ምእሻጉ ከቕርብ ዝኽእል፤

3. ተጫረቲ ዝጫረትሉ ዋጋ ብቢሮ ኣብ ዝተዳለወ ዋጋ መቕረቢ ቕጥዒ ስርዝ ድልዝ ዘይ ብሉ ብምምላእ ብፖስታ ብምዕሻግ ናይ ድርጅትኹም ክቢ ማሕተም ብምጥቃም ፊርማ ብምቕማጥ ኣብቲ ዝተገለፀ ግዜ ኣብ ቢሮና ከባቢ ኣብርሃ ካስትል ጅንኣድ ከባቢ ቐደም ሴቭ ዘ ችልድረን ዝነበሮ ህንፃ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 3 ናብ ዝርከብ ሳንዱቕ ጨረታ ከእትው ዝኽእሉ፤

4. ተጫራታይ ንዝሰዓሮም ንብረት ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ውዕሊ ክአስሩ ዝኽእሉ ነቲ ዝሰዓሮ ንብረት ሳምፕል ከቕርብ ዝኽእል ነቲ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጋዓዒ ናብ ቢሮና ኣታዊ ክገብር ዝኽእል፤

5. እቲ ጨረታ ጥቅምቲ 29/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ጥቅምቲ 29/2016 ዓ.ም ሰዓት 4.00 ኣብ ፋይናንስ ምምሕዳርን ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኸፈት ወይ ድማ ሙሉእ ዶኩመንቶም አሸጎም እንተቕሪቦም ብኣካል ኣብዘይተረኽብሉ ዝኸፈት ምኳኑ ንገልፅ፤

6. ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ንብረት 10% መኽበሪ ዉዕሊ ከትሕዙ ዝኽእሉ፤

7. ኮሚሽንና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ፤

ኮሚሽንና ጨረታ ሰዓራይ ኣብ ዝምረፀሉ እዋን ዝግዛእ ኣቕሓ ዋጋ ከምኣድላይነቱ ካብ ነፍሲ ወከፍ ነፀላ ኣቕሓ 20% ዒስራ ሚኢታዊ ናይ ምቕናስ ወይ ምዉሳኽ መሰል ዘለዎ ምኳኑ፤

8. ኣብቲ ትመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ክኸውን ኣለዎ፤

9. ሰዓራይ እቲ ናይ ዝተፈላለየ ንብረት ብኮሚቴ ትኽክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን ንተወሳኺ ሓበሬታ ቐፅሪ ስልኪ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

0914028570 ምሕታት ይከኣል።

ምስ ሰላምታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle